# ዝተረረ ዓቐበት ኢዩ ተሪፉ ዘሎ
## ብበላይ መስፈን

ክቡራትን ክቡራንን ደቂ ኤርትራ ብመጀመርታ ብልቢ ሰላም ንኹልኹም፡ ዓቢ ንእሽቶ ጓል ወዲ ኣብ ዘዘለኹምዎ፡ ዓወት ኣብ ሰስራሕኩም ምሉእ ጥዕና ድማ ኣብ ሂወትኩም ካኣ እትምነየልኩም፡ ከምቲ ክንቡርኩት ከይንቡርኩት ኣብ ማይ ዘለዎ ንብጻሕ ዝብልዎ ኣቦታትና ድማ እቲ ሃገር ከይሓዝና ኣይ ብርሓቐለይ ኣይ ብቕረበለይ ዝግበር ምውጣጥ ንቓልሲ ዓንቃፊ ኢዩ እሞ ንየው ንበሎ፡ ሓድነትና ናይ ዓወትና እምነ መሰረት ምዃኑ ክንፈልጥ ኣለና፡ እንተዘየለ ሽም ከምዘይብሉ ንህቢ ኢና ክንከውን።

ንሕና ኤርትራውያን ፍቕሪ ሃገር ኣለና፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ስለ እዛ ንፈትዋ ሃገር ዝጠፍኤ ሂወት ኤርትራውያን ብዙሕ እዩ፡ እቲ ጥፍኣት ኤርትራውያን እውን ከምዚ ንሰምዖ ዘለና ብዝገደደ መልክው ይቕጽል እምበር ይንኪ የለን፡ ይኩን እምበር ኩሉ እቲ ንደልዮን ንትምነዮን ዝነበርና፡ ከምቲ ንደልዮ ዝነበርና ከይኮነ ስለ ዝተረፈን በቲ ኣሉታዊ ውጽኢቱ ወጽዓና ቀጻሊ ኮይኑ ስለ ዘሎን፡ እቲ ዘሎ ኩነታት ንኹልና ርዱእ ኢዩ፡ ፈውሲ ከይትረኽቦ ካኣ ንማንም ሕልና ዘለዎ ኤርትራዊ ዘደቅስ ኣይኮነን።

ሎሚ ሃገር ኣላትናዶ የቢልናን ንምምዛኑ ዘሸግር መድረኽ ኢና በጺሕና ዘለና፡ እምነት ናይቲ ኣላትና ዝብል ኣካል ከይንጎድእ ግን ሓቢርና ኣላትና ንበል ከምቲ እንደልዮን ክትኮኖ ዝግብኣን ኮይና፡ ንኹልና ብማፅረ ከተሙቕናን ብሓጎስ ክንነብራን ካኣ ቃልስና ቀጻልን ኣብ ማዓርፎኡ ከይበጽሐ ጠጠው ዘይብልን ህዝባዊ መንኮርኮር ኢዩ እሞ፡ ተስፋ ዘይምቕራጽ ጥራይ እምበር ዓወት ናይ ግድን ኢዩ፡ እቲ ዝመጽእ ዓወት ውጽኢት ናይዚ ኩሉ ዘሎ ሽግራትና ስለ ዝኾነ ድማ ዝበለጸ ከም ዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን፡፡

ሃገር ክብሃል ከሎ ህዝቢ ኢዩ፡ ብኤርትራ ዝመጸ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ማለት'ዩ፡ ምኽንያቱ እታ ሃገር ከምቲ ኩልና ንደልዮ ኮይና ተረኺባ እንተትኸውን፡ እዚ ኩሉ ማእሰርትን ቅትለትን፡ ግፍዕን ናይ መንእሰያት ፋሕ ፋሕን ክህሉ ኣይምኻለን ብኡ ካኣ ሃገር ስለ ዘለና ከም ዓለምና ብሰላምን ራህዋን ንነብር ምሃለና፡ ሕጂ ግን ዝወረዶ ህዝቢ እቲ ራህዋን ሰላምን ዝብሃል ነገር ሽታ ኣልቦ ኮይኑ፡ ሽግርን መከራን ከም ዝደለዩዎ ጌሮም ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ይፅልሉን የኾዱዱን ኣለው።

እዚ ኩሉ ክኸውን ክሊሉ ዘሎ ፡ ሓደ ዝኾነ ይኹን ቅርጻ መንግስትነት ንኽይህልወና መንገዲ ዝዓጹን መንግስቲ ዝብሃል ክህልወና ካኣ ዘይደልን ብገበን ዝሕተትን ኣካል ፡ ሂወቱ ዝሕልው ወታሃደራዊ ጉጅለ ኣቀሙ ፍሕት ከምዘይንብል ጌሩ ሒዙና ስለ ዘሎ ምዃኑ ተረዲእና፡ ብመጽናፅቲ ኣንጻር እቲ ኩሉ እከይ ተግባራቱ ተቓሊስካን መንግስቲ ጌርካን ሃገር ዘለካ ከም ትኸውን ንምግባር ኢዩ ኩሉ ቃልስና ፡ ኩልና እቲ ዝድለ ሓድነት ኣደልዲልና ከይገጠምናዮ ድማ ኣብ መወዳእታ ክበጽሕ ወይ ክፅወት ኣይክልን ኢዩ።

ነጻነት ተረኺባ ምስ ተባህለ፡ ብዘይካ እታ ነጻነት ትብል ኣብ ኣፍካ ተላሒጋ ትተርፍ ቃል፡ እታ ኣብ ትሕቲ ገዛእቲ ዝነበረት ሃገር የብልና፡ ወይ እታ ነጻ ኴና ክንነብራ ንሓልማ ዝነበርና ዘይትኣደነ መስዋእቲ ዝኸፈልናላ ነጻ ሃገር የብልና መሬት የብላና ኴና ተሪፍና ኣለና፡ ምእንቲ መሬትካን ክብረትካን ክትቃለስ ኢልካ ምስ ወጻእካ እሞ ኻኣ ተዓዊትካ ተባሂሉ ከብቅዕ፡ ኩሉ ዘይብልካ ኴንካ ክትርከብ ዘገርምዶ ኣይ ኮነን፡ ኣዝዩ ዘገርም እምበር፡ እቲ ዘገርም ዘብለካ ካኣ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ከለና ኣብ ዝነበረ መዋእል ኣቦታትና ዝነበሮም ጥበብን ትፅግስትን ወሲኾም ምስታ ዘላቶም ብውሑዱ ብሰላም ይነብሩ ኔሮም፡ እዚ ሎሚ እንርእዮ ዘለና ፋሕፋሕን ዝኾነ ይኹን ምስኡ ተወሳኺ ኮይኑ ዘሎ ሽግርን ወርኡ ኣይነበረናን።

ማለት እቲ ሰላም ከም ደቂ ሃገር ኣብታ ሃገርካ ብዝደልኻዮ መንገዲ ናብ ዝደለኻዮ ዓዲ እናተማላለስካ ከምቲ እትደልዮ እናተባጻጻሕካ ብውሽጣዊ ሕጊ ኣቦታትካ እናተማሓደርካ ይንበር ኔሩ ኢዩ፡እታ ኣብ ጊዜ መግዛእቲ ጥልያን ዝነበረት እታ ዝኸፍኤት ከምዚ ሎሚ ዘሎ፡ ወታሃደራዊ ክታበት ወይ ፅስክርና ድማ ምንም እኳ እቲ መንእሰይ ብምሉኡ ታዓስኪሩ እንተነበረ ካብዚ ናይ ሎሚ ዝሕሸሉ መንገዲ ኔሩዎ።

ሓደ ብፅስክርና ንሊብያ ምስከደ ኣዴታት ኤርትራ ባፅለን ብፍርዝም ዝበሉ ደቀን እንስሳኤን እናሓለባን ግራውተን እናሓረሳን ካብ ደሞዝ ሰብኣየን ተቖሪጹ ዝውሃበን ባልያ እናተባህለ ዝንገረሉ ደሞዝ ተቐቢለን እናሸመታን ናብርኤን ከምቲ ዝግባእ ጌረን እናካየዳ ሂወተን ይመርሓ ኔረን፡ ሎሚኸ ምስኡ ዝመሳሰል ምክያድ ኣሎዶ ? ወይ ይካኣልዶ ? ስቕ ይሓይሽ ሎሚ ኩሉ ዘይብልና ኴና ኢና፡ ይኹን እምበር ሎሚ ልቢ ጌርና ሓደ ኴና ጥዑይ ኣንፈት ቃልሲ እንተ ዘይ ሒዝና ሃገር ከም ሃገር ይኹን ህዝቢ ከም ህዝቢ መጻኢ ፅድልና ኣብ ምልክት ሕቶ ኢዩ ዝኣቱ ዘሎ፡ ብኡ መጠን ካኣ ቃልሲ ስለ ዝናዋሕ እዚ ዘሎ ሽግር ኣይክሓጽርን ኢዩ፡ ስለ'ዚ ነዚ ኩሉ ሓሲብና ንዝኾነ ዝፈላሊየና ነገራት ብእዋኑ ክንቅልሶ ይግባእ።

ኣብዚ እዋን እዚ፡ እዚ ዘሎ ሕሱም ገዛኢ ነቶም ባፅሉ ዝዓስከሮም መንእሰያትና ፡ ካብቲ ሕማቕን ጥገለ ዘይብሉን ኣታሓሕዛኡን ካልእ ኣብኡ ዘሎ ዝተፈላለየ ሽግርትን ክርሕቁ ሃጽ ኢሎም ይጠፍኡ ስለ ዘለው ሃገር ኣብ ኢድ እቲ ንጥፍኣታ ጥራይ ዝሓስብ እከይ ስርዓት ወዲቓ ዘይንጹር ፅድል ዝጽበያ ዘሎ ሃገር ኢያ ዘላትና፡ መንእሰያትና ድማ ከምዚ ንሰምዖ ዘለና ብጃምላ ኢዮም ኣብ ዝኸድዎ ዝጓሓፉ ዘለው ከም ግቡእ መንግስቲ ዝብሃል እንተ ዝህልወና ሃገራዊ ሓዘን ክንገብር ባንዴራና ድማ ኣብ ፍርቂ ክትስቀል ኢዩ ዝግባእ ኔሩ፡ ግን በየናይ ፅድልና፡ ንዝተሸገረ ዝረድእ ይኹን ንዝሞተ ብኽብሪ ዝቐብር መንግስቲ የለን፡፡

እዚ ስርዓት እዚ ነቶም ዓቕሎም ጸቢቡዎም ሃጽ ኢሎም ዝጠፍኡ ዘለው መንእሰያት ንወለዶም ሓምሳ ሽሕ ክፈሉ ብምባል የጨንቖምን ክኽፍሉ እንተዘይ ክኣሉ ካኣ ይኣስሮምን ኣሎ፡ መን ኢዩ'ሞ ንሓደ መንግስቲ ኢየ ዝብል ሽፍታ ክሓቶ እምበር፡ ደቅና ምሳና ኣብ ገዛ ክሳዕ ዝነበሩ ጠፊኦም ኣይፈልጡን ኢዮም፡ ካባና ወሲድኩም ኣበይ ኣእቲኹምዎም ኢልና ንሕና ክንሕተኩም ኢዩ ዝግባና ኢልና ክንሓቶም ኢዩ ዝግባእ።

ኮር ተገምጠል ንስኻትኹም ክትሓቱና ኢልካ ምተሓትቱ፡ ኢዚ ግን ከም መንግስቲ ጽን ዝብል እዝንን ኣብ ደብተር ዝሰፍረ ሕግን ንዘለዎ መንግስቲ ጥራይ ዝቐርብ ሕቶ ኢዩ፡ ግን ከምቲ ኣቦታትና ምስ ደገዝማቲ መን ተማጓቲ ወይ ምስ ብዓል ቅነ ኣይትቃነ ዝብልዎ ኮይኑ፡ ወሲዶም ኣጥፋእቲ ባፅላቶም ካኣ ሓተትቲ ፈረድትን ኣሰርትን ካኣ ባፅላቶም ስለ ዝኾኑ፡ መን ኢዩ እሞ ክሓትቶም፡ ኣብ እዛ ሕማቕ ጊዜ እዚኣ ሰብ ጊዜ ስለ ዝኾኑ ብኽውኑን ዘይክውኑን ንህዝብና የጨንቕዎን ይሳቐዩዎን ኣለው፡ እዚ ኩሉ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ድማ ብስርዓት ዘማሓድር፡ ንዝኾነ ይኹን ሕቶ ድማ ዝምልስ መንግስቲ ንኽህሉ ኢዩ፡ ኣብዛ እዋን እዚኣ ነዚ ኩነታት ህዝብና ስቕ ኢሎም ዝርእዩ ሕልና ቢስ ኤርትራውያን ግን ብሓቂ ዝሕዘኖም ኢዩ፡ ምስ ጥፅንኡ ዘሎ ሰብ ንጉዳይ ህዝቡን ሃገሩን ስቕ ኢሉ ክርእዮ ከቶ ዘይክኣል'ዩ ናይ እዚኦም ግን ሕሉፍ'ዩ።

ይኹን እምበር ፅድልና ኮይኑ፡ ብዘምጻእናዮ ናጽነት ኣብ ክንዲ ንሕጎስ ንበኪ፡ ኣብ ክንዲ ንቐስን ካኣ ንርበሽ፡ ኣብ ክንዲ ንጸግብ ንጠሚ ኣብ ክንዲ ንኸደን እውን ንዓርቕ፡ ኮታ ብኹሉ ኩነታት ንቖርርን ንሸቑረርን ኣለና፡ ይመልሶ ጥራይ ኢዩ ዝብሃል፡ ከም ተቓለስቲ ተስፋ ክንቆርጽ ዳኣ የብልናን እምበር ኣብዚ ዘይንራዳድኣሉ ነጥቢ የለን፡ እቲ ዘሎ ኩነታት ብጣፅሚ ንኹሉ ዘገርምን ግርምቢጥን ኢዩ፡፡

ኣብ ሃገርካ ዘይወዲ ሃገር ወይ ባፅዲ ምዃን ፡ ኣብ ገዛእ ሃገርካ ናብ ዝቐረበ ይኹን ናብ ዝርሓቐ ክትገይሽ እንተደለኻ ሓደ ቅንጣብ ወረቐት ፍቓድ ከይሓዝካ ምስ ትንቀሳቐስ እንታይ ከም ትኸውን እንድዒ፡ ደፊርካ እውን ብዘይ እታ ትብሃል ቅንጣብ ወረቐት ፍሕት ኣይትብልን፡ ብሓጺሩ ከም

ወዲ ሃገር ብእምነት ናብ ዝደላኻዮ ኣብ ዝደለኻዮ ጊዜ ኣይትንቃሳቐስን፡ ግፋ ዝብሃል ቋንቋ ኣብ ሱዳን ምስ በጻሕና እሞ ደቂ ወጻኢ ስለ ዝኾንና ዝሰማፅናዮን ዝርኣናዮን፡ ኣብ ገዛእ ሃገርካ በሕዋትካ ክትግፈፍ ግን ነጻነት ኤርትራ ከይርኣዩ ዝኸዱ ኤርትራውያን ኣይፈልጡዎን ኢዮም ንሕና ግን ፅድላኛታት ኣይኮናን ነዚ ሕማቕን ብማንም ኤርትራዊ ተሓሊሙ ዘይፈልጥን ክውንነት ክንርኢ ዝተዓደልና።

ይኹን እምበር ንዘሎን ዝሓለፈን ኣብ ሚዛን ኣእቲኻ ዝሓሸ ኩነታት ንምፍጣር እንዲኻ ትቃለስ ኣብ ቃልሲ ስለ ዘለና፡ እቲ ተቓሊስና እነምጽኦ ለውጢ ዝሓሸን ኹሉ ዝሕጎሰሉን ንኽኸውን ብዙሕ ጥበብ ወይ ምብልሓት ዝሓትት ተሪር ዓቐበት ኢዩ ተሪፉና ዘሎ፡ ምፍላጡ ጥራይ ንምፍትሑ ዘኽእል መንገዲ ንምርካብ ይሕግዝ ኢዩ።

ምኽንያቱ ንዝማጎተካ ኩሉ ክብለካ ዝኽእል ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ እንታይ ክትምልስ ከም ዘለካ ፈሊጥካ ኢኻ ትገጥሞ ፡ ነቲ ገጢሙና ዘሎ ከቢድ ቃልሲ ድማ ክንቅረበሉ ኣለና ስለ'ዚ ንኹልና ዘድክም ተሪር ዓቐበት ተሪፉ ከሎ ጽባሕ ከጣፅሰና ዝኽእል ሓድሕዳዊ ክርክር ንዓወት ዓንቃፊ ስለ ዝኾነ ንየው ንበሎ ከምቲ ኣቦታትና ዝገበረኒያ ክገብርስ ዓዲ ነየጋብር ዝብልዎ ዳኣምበር ዓዲ ዘእቱ ኣይኮነን፡ ኤርታር ኣብ መጻኢ እዚ ኩሉ ክርክር ምስ ተወድኤ ብሓንሳእ ኢና ክንነብራ፡ ካብ ሽዑ ሎሚ ብእንገሮ ንሓፍር ድማ ሎሚ ተኻባቢርና ንዘሎ ሽግር ኣብ ምውጋድ ብሓባር ተቓሊስና፡ ብሓባር ብውጽኢት ቃልስና ክንስሕቕን ክንሕጎስን ኢዩ እቲ ተመራጺ እሞ ካብ ሎሚ ሒዝና ንስምምፅ መንጸፍ ንግበረሉ።

ሓደ ህዝቢ ካኣ ኣብ ሞንጎኡ ስምምፅ ከይፈጠረ ዘፅቑቦ ዓወት የለን እኳ እንተዘይተባህለ፡ ማለት ከም ገለ ኢሉ ክህሉ እውን እንተኻኣለ፡እቲ እተፅቁቦ ዓወት ህልኽ ዝሕመረቱ ስለ ዝኸውን ከምቲ ዝድለ ኣይኸውንን ርሑቕ ከይከድና ኣብ ጉዳይና ተመሊስና እንተርኣናዮ ኣኻሊ ይመስለኒ፡ ምኽንያቱ ነጻነት ኤርትራ ተረኺቡ ተዓዊትና ኢና፡ ከምቲ ኩሉ እተጸባዮ ክኸውን ስለ ዘይካኣለ ግን ጌና ኣብ ሽግርን መከራን ተዋሒጥና ኣብ ቃልሲ ንርከብ፡ ጽባሕ ኣብ ኤርትራ ካኣ ምስ ዝኾነ ይኹን ክውንነትና ብሓንሳእ ኢና ክንነብራ።

ማለት ነታ ናጻ ዝኾነት ሃገርና ኣብ ክንዲ ከምቲ ንትምነዮ ዝነበርና ብኽብረት ተሓጉስናን ቀሲናን ኣብኣ ንነብር ከም ደቂ ዛግራ ፋሕ ኢልና ንጠፍኣላ ኣለና፡ እዚ ኢዩ ካኣ ሃገር የብልናን ዘብል፡ ኣብ ሃገሩ ሰላም ቅሳነትን ዘለዎ ህዝቢ ካብ ሃገሩ ኣይጠፍእን ኢዩ፡ እንተዳኣ በዚ ንቃሰሶ ዘለና ሓርነታዊ ቃልሲ እቲ ዝድለ ተበጺሑ ግን ኩሉ እቲ ካብ ሃገሩ ፋሕ ዝብል ዘሎ ናብ ሃገሩ ክምለስ ከም ዝኾነ ማንም ዘይጠራጠረሉ'ዩ።

እዝጊሄር ክገብር ጽሓይ ወርሒ ይነብር ከም ዝብሃል፡ እቲ ብኽፉእ ሒዙና ዘሎ ስርዓት በቲ ንምትላል ዝተጠቕመሉ ኮሚኒስታዊ ስነሓሳብ ንህዝብና ካብ ባህሉ ኣየጥፍኣን ወይ ኣየዛናበሎን፡ ምኽንያቱ ንሱ ነቲ ስነ ሓሳብ እቲ ከም ሜላ ዳኣ ኢዩ ክጥቀመሉ ሓሲቡ እምበር ንሱስ ናይ ምሉእ ኢትዮጵያ ሃጸይ ክኸውን ኢዩ እቲ ቀንዲ ሕልሙ ዝነበረ፡ ንህዝቢ ከታዓሻሹ ዝሓዞ መገዲ ግን ሒዙዎ ክጠፍእ እዩ ፡ ንሱ ሓዲግ ሰማይ ሓዲግ ምድሪ ክተርፍ ኢዩ፡ ንሕና እታ ኣብ ኣፍና ዘላ ነጻነት ሒዝና ንተርፍ ኣለና፡ ንኣ ካኣ ከምቲ ኩልና እንደልዮን፡ እንትምነዮን ዝነበርና ናብ ከምቲ ኩልና እንደልዮ ናይ ሓቂ ናጽነት ክንቅይራ ንቃለስ ኣለና፡ ክንፅወት ካኣ ኢና፡ ህዝቢ ኤርትራ እውን ከም ዓለሙ ክርህዎ ኢዩ።

እዚ ገዛኢና ናይ ምሉእ ኢትዮጵያ ሃጸይ ክኸውን ኢዩ ሕልሙ ንዝብል ኣባሃህላ ከም ሓቂ ክትወስዶ ከም ዘለካ ዝገብር ምልክታት ኣሎ፡ ንሱ ካኣ ንኤርትራ ከም ሓደ ርእሱ ዝኽኣለ መንግስቲ ጌሩ መራሕ መንግስቲ ናይ ኤርትራ ምኧን ተሓሲሙ ዘሎ ኣካል ኢዩ፡ ንኤርትራ ክፍሊ ሃገር ኢዩ ዝብላ ( STATE OF ERITREA ) እዚ ካኣ እቲ ነጻነት ኤርትራ ኣንጻር ውሽጣዊ ትምኒቱን ውልቃዊ ድልየቱን ስለዝኾነ ኣይተዋሕጠሉን፡ ስለ'ዚ ንኤርጥራያን ነጻነት ኣለና እንዳበለን ከም ሕሱም እናቐጥቀጠን ምሉኻትን ዝበለና ከምንኸውንን እናገበረ ጸኒሑ፡ ኣብቲ ዘድልዮ መሳብሮ ኢትዮጵያ ምኧን ይሕሸና ክብለና ኢዩ መደቡ።

በዚ ካኣ እቲ ንኤርትራ ክፍሊ ሃገር ብዝብል ኣጠሚቑዋ ዘሎ ስም ከም ዘለዎ ኮይኑ ዘይከም ቀደማ መበል 14 ክፍሊ ሃገር ናይ ኢትዮጵያ ኢያ፡ እቲ ህዝቢ ብናጽነት ስለ ዝሰኸረ ኢና ናጽነትካ ኣለካ ክንብሎ ጸኑኢሕና ኢሉ ንህዝቢ ዓለም ዓያሹኡ ምኧንና ክነግሮ ኢዩ ትጽቢቱ፡ ንኣና ካኣ ስቕ በሉ ዓለም ከም ዝበለና ንኹን ክብለና ከም ዝኾነ መደቡ ዝሕብር ብዙሕ ምልክታት ኢዩ ዘሎ፡ ንኽትግምግሞ ግን ልቦና የድሊ፡ እዚን ክንዲዝን ዘይርኤ ተንኮል ስለ ዘሎ ካኣ ኢዩ፡ እቲ ተሪር ዓቐበት ኢዩ ተሪፉና ዘሎ ዘብል ከምኡ'ውን እቲ ቃልሲ ሓርነታዊ መስርሕ ምስ ተወድኤ ነታ ሃገር ከም ሃገር ካብዚ ኣትያቶ ዘላ ፅንወት ኣውጺእካ ጠጠው ከተብላ ዘሎ ዓቐበት እውን ዝተረረ ኢዩ።

ሓደ ህዝቢ ውሕደት እንተዘይብሉ ድማ ኩሉ ጊዜ ድራር ወጻፅቱ ኢዩ ዝኸውን፡ ክንዲ ብሓባርን ዘለዎ ዓቕምታት ኣዋሃሂዱ ኣብቲ ቀንዲ ፅላማ ዝጥምት ነንሕድሕዱ ክጣማመትን ክሳሓሓብን ምድሪ ስለዝዓርቦ እቲ ዘድሊ ዓወት ብዝቐልጠፈ ከፅቆብ ዝካኣል ኣይኮነን፡ ስለ'ዚ ክቡራት ኤርትራውያን ቃልሲ ኤርትራ ከምቲ ዝድለ ኮይኑ ብዝቐልጠፈ ንኽፍታሕ፡ ብኸመይ ከም ዝግባእ ጌርና ንሕዞን ነታዓራርዮን ኣብ ዝብል ኣትኵርናን ሓድነትና ኣደልዲልናን ንቕድሚት ክንጥምት ይግባእ። ክሳፅ ኣብ ቀጻሊ ንራኸብ ሰናይ ቅነ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብፅ ዘሎ ህዝብና